## አብ እዋን ናብራ ዓሳ

ባህሪ ፍጥረት ሕሉፍ ህሉዉን መጻኢን ዘለዎ ኮይኖ፡ ኣኣብ እዋኑ ዘቕስመካ ተሞክሮኣዊ ሕላገት ፍልጠት ከምዝሓድጉልካ ዘጠራጥር ኣይመስለንን። ካብ ሕሉፍ ትምህረቲ ትቐስም፡ ኣብ ህሉዉ ኩነት ኾንካ ሕሉፍካ ትግምግምን ትምርምርን እሞ፡ ንጹር መስትያት ኣሉታውን ኣወንታዊን ፍረ ሕሉፍ ጻዕርኻ ተለሊ። ኣነጺርካ፡ ካብ ኣሉታውነት ተማሂርካን ኣብ መዝገብ መምሃሪ ሰነድ ዓቒብካ፡ ንጽቡቕካ ድማ ከም መበገሲ ዓጢቕካ፡ ብሓደስቲ ሓሳባት ኣሃብቲመካ ንመጻኢ ህይወትካ ትነቅል። ዝኾነ ፍጡር ዝሓለፎ መድርኻት ንድሕሪት መሊሱ ብሎሚ ዘለዎ ኣረዳድኣ ክትግብር ክነቅል ኣይክእልን እዩ፡ እንታይ ድኣ ሕሉፉ ብብስለት ገምጊሙ ኣብ ቀጻሊ ሂወቱ ተመሳሳሊ ጌጋታት ካብ ምድጋም ንምጥንቃቕ ጥራሕዩ ዝጥቀመሉ። እዚ ኣብ ቀጻሊ ሂውት ከም ተሞኽሮ ክዉሰድ ይክኣል።
ንዓለምና ድማ ብተሞከሮና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብተሞክሮ ካልኦት’ዉን ከይተረፈ ምጥማት፡ ሓደ ጸጋ መምህር ምኾኑ ምፍላጥ ባዕሉ ነብሱ ዝኸኣለ ብሱል ትምህረቲ እዩ።

ካብዚ ብምብጋስን፡ ዘጕንፉና ብድሆታት ዉልቃዉያንን ሐበራዉያንን ኮይኖም ክብደቶምን፡ ኣፈታትሕኦምን ከከም መጠኖም ከምዝፈላለ፡ ዘየማትእ ምዃኑ ብምእማንን እምብኣር፡ ካብ ሕሉፍ ሂውት ዝተዋህለለ ተሞክሮ፡ ሓደ ካብ ሓገዝቲ ሮቛሒታት መፋትሕ ዘጓኑፉና መሰናኽላት ኮይኑ ይርድኣኒ። እዚ ከም መእተዊ ተጠቒመ፡ ኣብ ቀንዲ ትሕዝቶ ጽሑፈይ ንምእታው እምበኣር፡ ነቲ ውልቃዊ ጉዳያት ንብሕታዊ መሰል ኣፈታትሑኡ ገዲፈ፡ ንሓባራዊ ዋኒን፡ ኣብ ምእላይ ዝህልወኒ ሐሳብ ኣብ ትሕቲ ’<u>እዋን ናብራ ዓሳ</u>’ ዝብል ኣርእስቲ ክዝቲ እደሊ። ዓለምና ብዝተፈላለየ ግዝኣተ ሕጊ ኣህዛብ፡ መንግሰታት፡ ሓባራውያን ማሕበራትን ትካላትን  ከምእትመሐደር በተሓሳሰባን ጽሑፍን ርዱእ ኮይኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ንምስራጽ እኳ እንተተሃቀነ፡ እቲ ዉዱዕ ኩነት ግን ምእዙዝነት ሕጊ ዓለም ዝጥሐሰ ዝገትእ መስረሕ፡ ትግባረ ኣልቦ ቀለማዊ ጽሑፍ ጥራሕ ዝኾነ ይመስል።

ናብ ርሑቕ ታሪኽ ድሕሪት ተመሊሰ ከይህውትት፡ ንተንተንቲ ታሪኽ ገዲፈ፡ ኣብ ዝሐለፈ ሐጺር ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለዓለማት ዝተራእየ ኣብነታት ጥሕሰት ግዝኣተ ሕጊ ክጥቀስ ይክኣል። ምናልባት መን ፍሉይ ሐለፋ ኣብ ቅድመ ሕጊ ይህልዎ ንጹር ሐረጋት ሃለዩ ኮይኑ፡ በዚ ድጉል ቀይዲ ገለ ኣካላት ዓለምና ንዝፍጽምኦ ዘለዋ ፍጻመታት ይባረኽለን እንተሃልዩ ድማ፡ ክሳብ ዝቕየረልና ንምቕባሉ ክንገረና ከድሊ እዩ ማለት እዩ። ግን ኮምኡ ኣሎ ድዩ ኣብ ምልክት ሕቶ ንሓድጎ።

ሕጊ ኣብ ዘለዎ ጥሕሰት ሕጊ ካብ ሃለወ፡ ኣብነት ንምጥቃስ ከም ጎበጣ ኢራቕ ንኮይት፡ ጎበጣ ብሙኹናን ሙሉእ ሐገዝ ወፊኻ ኣብ ንቡር ምምላስ፡ ኣብ ከም ምትእትታዉ ኣሜሪካ ኣብ ኢራቕ ግን ካብ ክወጹ ኣለዎም ብትሕቲ መልሐስካ ምዝራብ ሐሊፍካ ትግባረ ዘይብሉ ኮይኑ፡፡ በዝን ንዕኡ ዝመሳሰሉ ጉዳያትን ካብ ምምልካት ድማ ሕጊ ዓለምና ኣበር ዘለዎ፡ ወረቐታዊ ሕጊ ኮይኑ ብዝጥዕመካ እናተራጐምካ ትጥቀመሉ፡ ሌላን ጉሌላን ዘለዎ ሕጊዩ ከብለካ ይኽእል።  ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እንተተዓዘብና ውን፡ ቁቡል ዘብሉ ምኽንያታት ጠጂእካ ዓዲ ሃገር ምውራር ተራእዩ። እዚ ኣብ ትሕቲ ዝኾን ይኹን ምኽንያት ቁቡል ዘብሎ ድሕረ ባይታ የብሉን ዝብል ኣርኣእያ እዩ ዘሎኒ።

ካብዝን ንንዕኡ ዝኣመሰለ ተርእዮታት ምትእትታው ሐይሊ ኣብ እንዳማትካ ብምዕዛብ፡ ዓለምና ናብራ ዓሳ ዝዓይነቱ ድጉል ኣካይዳ ትኽተል ዘላ ኮይኑ ይስምዓካ። ነዚ ድጉል ውጥን ወይ ሕጊ ኣብ ምትግባር በቒዔን ዘለዋ ወሐጥቲ

ዓሳታት፡ ብዘይካ እቲ ንሳተን ዘቕርብኦ ምኽንያታት፡ ኣብ ሞንጐ ዋናታት ተጎበጠቲ "ንእሽቱ ዓሳታት" ሰብ ጉዳይ ዘሎ ድኽመት ናይ ኣርኣእያ ዘይስጡምነት ቀንዲ ሓጋዚ ጐበጥቲ ኮይኑ ይስምዓካ።

እዘን ዝተጐብጣ ሃገራት ገለ ካብ ኣካለን ንጐበጣ ምኹኑይ ዝገብር፡ መእተዊ ፍቓድ ክኸትም እንከሎ፡ እቲ ካልእ ድማ ኣንጻር ማዕበል ክልዓል ግርም ጌሮም መዝሚዞም ከጥቀምሉ ማዕጾ ምኽፋት እምበኣር ጠንቂ ሳዕቤን ጉዳይ ምብልላዕ ነንሐድኣሕድካ እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ከምዚ ክብል እንከለኹ ግን ናይ ኣርኣእያ ፍልልያት ክህሉ የብሉን ማለተይ ኣይኮንኩን፡ ናይ ኣርእያ ፍልልያት በንጻሩ ሃብቲ ጉዕዞ ምዕባለ ምኾኑ እናኣመንኩን ከይዘንጋዕኩን፡ ፍልልያት ግን ኣብ ምንታይ ዝብል ሕቶ ካብ ኣእምሮይ ከይወገንኩ፡ መሰረታዊ ዓውዲ ፍልልያት ኣትሓሳስባና ነካይደሉ ባይታና ግን ብሓባራዊ ኣርኣእያ ዝተሓጽረን ዝተኸብረን ንጐበጣ ዝገትእን ክኸዉን ኣለዎ ዝብል ኣመላኽታ እዩ ዘሎኒ።

ሓሳባተይ ንምጥቕላል ኣብ እዋን ናብራ ዓሳ እንኮ ኣማራጺ ህላወ ሃገር፡ ሓድነታዊ ኣርኣእያ ኣብ ሃገራዉነትን ሃገራዊ እምነትን ኮይኑ፡ ይርኣየኒ። ሃገራዊ ስኒታዊ ኣርኣእያ ድማ ናይ እገለ ወይ እገሊት ኢልካ ትሓደጎ ዘይኮነስ፡ ቀዳምነት ነብስኻ ቀጺሉ ድማ ከባቢኻ ንምርዓም ነፍስወከፍ ዜጋ ክሰርሓሉን ኣካል መትንታት ደሙ ክገብሮን ዘለዎ ኣምር ኮይኑ ይርድኣኒ። ኣብ ውሽጢ ብኸምዚ ዝሰጠመ ህዝቢ መስሎኺ ዝስኣነ ኣባይ ድማ የዕነኒ፡ እምበር ኣይጎብጥን። መለበሚ ኣይግበርካ መለበሚ ኣይኽላእኻ ከምዝብሃል፡ ኣቐዲምካ መስሓቕ ሸራፋት ከይኮንካ ክስርሓሉ ዘለዎ እንኮ ዘየማትእ ምዕቡል ኣእምሮኣዊ ሓይሊን መዋጽኦ ድሕነት ሃገርን ኣብ እዋን ናብራ ዓሳ ዘይክማህ ሓድነታዊ ኣርኣእያ ኣንጻራ ከፋፋሊ ዝተራቐቐ ኣተሓሳስባ እዩ ዝብል እምነት እዩ ዘሎኒ። እምበር ብምግድዳዕ እትኣትዎ ዕዳ ዋግኡ ተመሊሰካ ከምትኸፍሎ ዘማትእ ኣይኮነን፡፡ ብካልእ ኣዘራርባ ብቢሂል ቖንቖ ትግረ "ለእሳት ቀርሔዋ ኣንደድዋ ዲብ ነብሶም ኣቕበለት ንኡሶም ኣተዋ" ከምዝብሃል፡ ማለት ዝጻሐርካያ ሐዉስ መወዳእትኡ ባዕልኻ ተመሊስካ ትኣትዋ እዩ ዝኸዉን ነገሩ። ምዕብለቲ ዓለምና እንተኾነ ይትረፍ ሕጋ ከተጽንዕ፡ ባህርያዊ ድንጋጻ ብምርኣይ ዘባኸየካ ፍጥረት ዝዉሓዳ እያ ትመስል ዘላ እሞ፡ 'እዋን ናብራ ዓሳ' ንምስጋር ማእዝና ከይሰሓትና ንሓድነትና ከም ቀደምና መሳርዕና ነመዓራሪ።

ብብርሃነ ተኪኤ
2007/03/10